# ጠቐነ ማይክ ሃመርን ልኡኻት ዋሺንተንን እንታይ'ዩ ዕላማኡ?




ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ፍሉይ ልኡኽ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆ ባይደን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ማይክ ሃመርን ከም ወያነን ካልኦት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ወኪላት ዋሽንግቶንን ብተደጋጋሚ ብዘሰልቹ ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝተፈላለየ መግለጺታት እናሃቡ ካብ ዘየሎ ሽግር ንምፍጣር ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ሓይልታት ኤርትራ ካብ ገለ ከባቢታት ኢትዮጵያ ክወጽእ ከኣ'ዮም ዝጠልቡ። እቲ ዘገርም ግን ካበየናይ ከባቢ'ዩ ፈልዮም ብስሙ ኣይጠቕሱን እዮም። ምኽንያቱ እቲ ብባርኾት ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ቢል ክሊንቶን ብ13 ግንቦት 1998 ብጭፍራ ወያነ ዝተወልዐ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብኾምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝወጸ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳነ መደምደምታ ከም ዝተገብረሉ ስለዝፈልጡ።

እዚ ኣብ መጨረሽታ 19 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ዝተሓንጸጸ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ጭፍራ ወያነ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣብ ሕዳር 2003 ኣብ ባይታ ዓንዲታት ክትከለሉ'ኳ ዝግባእ እንተ ነበረ፡ እቲ ጭፍራ ምስ ሓንገደ ግን፡ ኮምሽን ዶብ ብ27 ሕዳር 2006 ብሕጋዊ ዝርዝራዊ ካርታታት ዝተሰነየ ብማንዛ ኣመልኪቱ ስኢሉዎ እዩ። ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ተሳኢሉ ከኣ፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እቲ ዘድሊ ሰነዳት ንኢትዮጵያ፡ ኤርትራ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ኣረኪቡ እዩ። ነዚ ሓቒ'ዚ ከኣ ኣሜሪካ ጽቡቕ ገይራ ትፈልጦ እያ። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ብ12 ታሕሳስ 2000 ኣብ ዋና

ከተማ ኣልጀርስ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ ስምምዕ ኣጠቓላሊ ሰላም ከም ኣህጉራዊ ወገን ብመገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያ ዝነበረት ማድሊን ኦልብራይት ተሳቲፋ እያ።

እቲ ጉዳይ ከምዚ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ናይ ብሓቂ'ውን ከምኡ እዩ፡ እቲ ሰራዊቱ ካብ ዶባቱ ወጻኢ ዝርከቡ ወገን፡ ነቲ ዘለዎ ቦታታት ብመሰረት'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ ዶብ ኤርትራ ድዩ ዘሎ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያ ብምንጻር ክዝረበሉ ይከኣል እዩ። ናይ ብሓቂ ዘዛርብ ጉዳይ'ኳ እንተ ዘየለ፡ ኣሜሪካን ወኪላታ ኢትዮጵያውያንን ጉዳያት ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ቅኑዕ ድሌት እንተ ዝህልዎም ክዝረበሉ ይከኣል ነይሩ። እንተኾነ ግን ብኣጠቓላሊ እቲ ጉዳይ ዝተማህዘ እዩ። ስለዚ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣእምሮ'ቲ ንእዉጅን ምስጢራውን ኣጀንዳታቱን ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ረብሓታቱ ክብል ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኩሉ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ንሃገራት ዝገዝእ ፖለቲካዊ ክብርታትን ዝግህስ ጽሩይ ማይ ምዝራግ ዝለመደ ምምሕዳር ኣሜሪካ'ዩ ዘሎ። ከም ኣሜሪካ ዝኣመሰለት ዓባይ ሃገር ቀዋሚ ኣባልነት ኣብ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ዘለዋ ናይ ቀውፊ ድምጺ እትጥቀም ብዘይ ቀይዲን ምትሕስሳብን ክትዕንድር ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ።

እቲ ኣመና ዘገርም ከኣ፡ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ካብ'ቲ ኣብ ታሪኾም ውጹዓት ብህዝብታት ዝወረዶም ክማሃሩ ዘይክእሉ ምኳኖም እዩ። ንኣብነት ኣብ ከም ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣብ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ዓለምን ዘጋጠሞም ፍሽለት ገና ይደጋግምዎ ኣለዉ። ርሑቕ ከይከድና ገለ ካብኡ ናይ ኣፍጋኒስታን፡ ዒራቕ፡ ሶርያ፡ ሊብያን የመንን ምጥቃስ ይከኣል።